Fred Hutch
Cancer Center

ፖሊሲ ፋይናንሳዊ ሓገዝ ሕሙማት Fred Hutchinson Cancer Center Patient
መመላእታ ጽሑፍ II – መለክዒታት ናይ ደረጃ ሽልማት ገንዘባዊ ሓገዝ

ብመሰረት WAC 246-453-040፡ ቁጽሪ ስድራቤትን ኣታዊን ኣመልካቲ ክግምገምን ሚእታዊት ደረጃ ድኽነት ፌደራል (Federal Poverty Level, FPL) ክውስንን እዩ፡ እዚ ሚእታዊት እዚ ድማ ኣብ ዕለት ኣገልግሎት ተመርኲሱ ክወሃብ ዘለዎ ደረጃ ፋይናንሳዊ ሓገዝ ይውስን። እቶም ኣመልከትቲ (ሕሙማት ወይ ውሕስነት ዘህቡ) ካብቲ ኣብ ሆስፒታል ዚኽፍልዎ ኽፍሊት ምስቲ ኹሉ ምንጪ ናይ ሳልሳይ ኣካል ሽፋንን ስፖንሰርሺፕን ምስ ተወድአ እቲ ዝተረፈ ዘይተኸፍለ መጠን ገንዘብ ዚመዓራረ ገንዘባዊ ሓገዝ ኪረኽቡ ብቑዓት ክኾኑ እዮም።

ቅድሚ 1 ሓምለ: 2022 ብሕክምናዊ ኣድላዪ ክንክን፡ Fred Hutchinson Cancer Center ናይ ሳልሳይ ኣካል ሽፋን፡ እንተሃልዩ፡ ኣብ ዝውድኣሉ እዋን፡ ኣብዞም ዝስዕቡ መዐቀኒታትን ውሳነን መሰረት ብምግባር ክኸውን እዩ፣ ብመሰረት ብዝሒ ስድራቤት ዝተመዓራረየ ኣታዊኦም መሰረት ብምግባር፣ በዚ ዝስዕብ መጠን ገንዘብ: ንሕሙማት ንፋይናንሳዊ ሓገዝን ክንክን ግብረ ሰናይን ብመሰረት እዚ ፖሊሲ ኣብ ግምት ከእቱ እዩ፡፤

- ኣታዊ ካብ 300% ናይቲ FPL ዘይበዝሕ እንተኾይኑ፣ ብሙሉእ (100%) መጠን ገንዘባዊ ሓገዝ ብቑዕ ክኸውን እዩ።

ኣብ 1 ሓምለ 2022 ወይ ድሕሪኡ ንዝረኸብዎ ሕክምናዊ ኣድላዪ ክንክን፡Fred Hutchinson Cancer Center ናይ ሳልሳይ ኣካል ሽፋን፡ እንተሃልዩ፡ ኣብ ዝውድኣሉ እዋን፡ ኣብዞም ዝስዕቡ መዐቀኒታትን ውሳነን መሰረት ብምግባር ክኸውን እዩ፣ ብመሰረት ብዝሒ ስድራቤት ዝተመዓራረየ ኣታዊኦም መሰረት ብምግባር፣ ብ RCW 70.170 ከም ዝተገለፀ ኣብዞም ዝስዕቡ መጠን ገንዘብ: ንሕሙማት ንፋይናንሳዊ ሓገዝን ክንክን ግብረ ሰናይን ብመሰረት እዚ ፖሊሲ ኣብ ግምት ከእቱ እዩ፤

- ኣታዊ ካብ 300% ናይቲ FPL ዘይበዝሕ እንተኾይኑ፣ ብሙሉእ (100%) መጠን ገንዘባዊ ሓገዝ ብቑዕ ክኸውን እዩ።
- ኣታዊ ካብ 301% ክሳብ 350% ናይቲ FPL እንተኾይኑ፣ ንገንዘባዊ ሓገዝ ክሳብ 75% ቅናስ ብቑዕ ክኸውን እዩ።
- ኣታዊ ካብ 351% ክሳብ 400% ናይቲ FPL እንተኾይኑ፣ ንገንዘባዊ ሓገዝ ክሳብ 50% ቅናስ ብቑዕ ክኸውን እዩ።